## *ሓዕናዊ ምንቅስቓስ ናይ 73፥*

ኣብ መስከረም 1973 ኣቢሉ፥ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሓይልታት ሓደ ብተበለጽቲ ዚተላዕለ ኣዕናዊ
ምንቅስቓስ፥ ላዕልን ታሕትን ኣዕለቢጡ፥ ንዓመት ዚኣክል፥ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ውሽጣዊ ፍልስልስ
ፈጢሩ፥ ንምዕባለ ህዝባዊ ሓይልታት ኣደስኪሉ ጸኒሑ፥ ዲሲፕሊናዊ መግትኢ ከም
ዚተገብረሉ ዝዝከር እዩ። እዚ ኣብቲ እዋን እቲ ሓድሽ ተርእዮን ተመክሮን ዚነበረ ዝምባለ፥
በብእዋኑ ምሉእ ዘይኮነ ውድባዊ መግለጺታት ይወሃቦ ነይሩ እኳ እንተኾነ፥ ኣጠቓላልን መደምደምታን
ከምዘይነበረ ዚዝከር እዩ። ውድባዊ መግታኢ ጥራይ ዘይኮነ፥ ነቲ ጉዳይ መርሚራ
ፍርዲ እትህብ ኮሚተ ቖይማ ከምዚነበረት እውን ዚዝከር እዩ። እታ ኮሞቲ ስርሓ ካብ እትውድእ ነዊሕ
ጌራኳ እንተኾነት፥ ነቲ ውሳኔ ምፍጻምን፥ ኣብ ዚጥዕም ግዜ መግለጺ ምሃብን፥
ናይ መሪሕነት ጉዳይ ስለዚነበረ፥ ግዜኡ ኣኺሉ ዘድሊ መግለጺ እንሆ።

***ምትንሳእ ናይቲ ሓዕናዊ ምንቅስቓስ፥***
እቶም ቀንዲ ናይቲ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ መዋፈርቲ ካብቲ ካልኣይ ወገን ክፋል ናይ ህዝባዊ ሓይልታት
ስለዚነበረ፥ እቲ ጩግራፎም ዚውርውርሉ ዚነበሩ ዕላማ ድማ መሪሕነትን መራሕቲን
ናይዚ ወገንዚ ስለዚነበሩ፥ ምልስ ኢልካ፥ ናይዚ ክፋልዚ ኩነታትን ተራ ናይቶም ኣዕነውትን
ምራይ የድሊ።
እዚ ሓይሊዚ መንነቱ ገሊጹ ብሓርነት ክንቀሳቀስ ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ፥ ካብ ነንበይኑ ማሕበራዊ
ክፍልታት ብዙሓት መንእሰይ ክሳተፍዎ ጀመሩ። ካብቶም ዝሳተፉ ዚነበሩ ሰውራዊ ስነ-ሓሳብ
ዘንበቡ ወሑዳትውን ነበርዎም። ሓድ-ሕድ ኩናት ተባሪዑ ኩሉ ሓይልታት ኣብ ሓደ ቦታ ምስ
ተኣከበ ድማ፥ ናይዚ ክፋልዚ መሪሕነት ናይ ሓፋሽ ተጋደልቲ ፖለቲካዊ ንቅሓት ክብ ንምባል፥
ንመጽናዕቲ ዝኾኑ መሰረታውያን ነጥብታት ሰሪዓ፥ ንፖለቲካዊ ትምህርቲ ከምዝቀርቡ ገብረት።
ኣቀራርባኡ ንምምሃር ምእንቲ ክጥዕም ድማ፥ ካብቶም ብተመክሮ ዝበሰሉ ካድራትን ሰውራዊ
መጻሕፍቲ ዘንበቡ ምሁራትን ዚተዛነቀ ተሳታፍነት ዘለዎ ሰሚናራት እናገበረት፥ ተዘትዩም
ምርድዳእ ዚተገብረሎም ነጥብታት እናተሰርዑ፥ እቲ ንግዚኡ ዝቀረበ ነጥብታት ምስ ተወደአ
ንተመሃሮ ከምዚጥዕም ሰፊሑ ከምዝጸሓፍ ተገይሩ፥ ናይ ፖለቲካ ትምህርቲ መደብ ይኸውን
ነበረ። ሕንሳእ ጥራይ ዘይኮነ ብኸምኡ ዚኣመሰለ ኣገባብ ተወሳኺ ኣርእስትታት እናቀረበ
እቲ ትምህርቲ ከምዚሰፍሕ ይግበር ነበረ።
ነዚ ዚወጽእ ዚነበረ መደባት ናይ ትምህርቲ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጋንታ
ኩሎም እቶም ዘንብቡ ዝበሃሉ ከም ተኻታተልቲ ሜላን መምሃራንን ፍልጠቶም ኣብ ናይ ሓፋሽ
ጥቅሚ ኘኸውዕሉ ምሉእ ሓላፍነት ተዋሂብዎም ይሰርሑ ነበሩ። ሓፋሽ ተጋዳላይ ፊደል ካብ
ምቁጻር ኮነ፥ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ምምሃር፥ ዚነበሮ ድልየትን፥ ጻዕርን መዘና ኣይነበሮን።
ተደርብያ ዝጸንሐት ወረቀት፥ ካርቶን ትኹን መጠቅለሊ ወረቀት እናኣረየ ክጽሕፍን ክመሃርን
ይረኣ ነበረ። ኣብ ሓጺር እዋን ድማ መሃይምነት ጠፊኡ፥ ምስቲ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ነቀፈታን
ነብሰ-ነቀፈታን ዕለታዊ መግቡ ኮይኑ፥ ንቅሓቱ ሓፍ ኢሉ፥ ትኩርነቱ በሊሑ ሰውራዊ ዲሲፕሊኑ
ከም ሓጺን ተሪሩ፥ ዚነበሮ ሓድነት እናደልደለ ይኸይድ ነበረ።
ናይዚ ኩሉ ነጸብራቕ፥ ሓፋሽ ተጋዳላይ፥ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ጸላእቱ ንምቅዋምን ንምሕምሻሽን
ዘርእዮ ዚነበረ መዘና ዘይብሉ ቆራጽነትን ጅግንነትን ጥራይ እዩ ምስክሩ።
ኣብ ውሽጢዚ ክፋልዚ ይኹን ኣብ ካልእ ብዛዕባ ዚካየዱ ዚነበሩ ስራሓት እቶም ኣዕነውቲ
/ ዳሕራይ ክስልበጡ / ዓበይቲ ይኹኑ ነኣሽቱ፥ ምስ መሪሕነት ይኹን ካልኦት መራሕቲ
ዘይተሳተፍዎ ነገር ነይሩ ማለት ሓሶት እዩ። ብፍላይ ሓደ ክልተ ካብቶም ቀንዲ ተሃንደድቲ
ናይቲ ምንቅስቓስ፥ ኣላ እትብሃል ምስጢርን ከቢድ ስራሕን ዘይተኻፈልዎ ኣይነበረንዉ። ኩሉ
ሰብ ብዚዓቅሙ ንኪሰርሕ ድማ ምሉእ ዕድል ነይሩ እዩ። ኣብ ኣረኣእያ ይኹን ስራሕ፥
ይትረፍ መሰረታዊ ኣብ ዚኾነ ሕቶታት እንተኾነ እውን ዘረሓሕቕ ጉዳይ ተላዒሉ ኣይፈልጥንዩ።
ኩነታት ከምዚ ኢሉ እናማዕበለ እንከሎ፥ እተን ድሕሪ ናይ ገህተብ ኣኼባ ተወሲነን ዚነበራ
ሽዱሽተ ኣዋርሕ እናተቓረባ ምስ ከዳ ድማ፥ ናይዚ ክፋልዚ መሪሕነት፥ ነዚ ክግበር ተመዲቡ ዝነበረ
ሓድነት ይሕግዝ እዩ ምስተን ካልኦት ክፋላት ተማኺራ እተማሓይሾ ንሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ መድረኽ
ዚኸውን ፕሮግራም ንምንዳፍ መደበት። ከምቲ ዚተልምደ ድማ፥ ዚተሞከሩ ካደርታትን፥ ዘንበቡ
ካድረታትን ኣኼባ ብዙሓት ኣገደስቲ ሕቶታት ብሓባር ኣጽኒዓ፥
ንዚተፋላለየ ኣርእስትታት ዘቕርቡ ጉጅለታት ከፋፊላ ንድፊ ፕሮግራም ኣውጸኣት።
እዚ ጥራይ ዘይኮነ፥ ናብ ዚለዓለ ናይ ውድብ ስራሓት ዚበቕዑ ካድራት ንምኹስኳስን፥ ኣብ
መንጎ ዚተሚከሩ ካድራትን፥ ዘንበቡ ምሁራትን ዘሎ ፍልልይ ናይ ተመክሮን ክለሳ-ሓሳብን
ንምጽባብን ጉጅላውነት ናይ ምሁራት ንከይፍጠርን፥ እቶም ዚተሞከሩ ካድርታ ክለሳ-ሓዘስሳባዊ

ፍልጠት ምእንቲ ኪድልቡ፣ መምሃራን ፈልያ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ንኪመሃሩ መደብ ኣውጺኣ፣
ኪሰርሕ ጀሚሩ ነይሩ እዩ።
ኩሉዚ፣ ኣብ ጸበብቲ ስንጭሮታት፣ ንግሆ ወገግ ንምስ በለ መገብቲ ኣውሪድካ፣ ኣብ መዛግብካ
ክሳብ ዚረፍድ እናጸናሕካ፣ ካብኡ ዋርድያ እናገደፍካን እናቀያየርካን ዊዒልካ፣ ዓይኒ ከይሓዘ
ኣብ መዛግብካ እናወጻእካን፣ እናተቃያየርካ ዋርድያ እናሕደርካን እዩ። ኣብ መንጎ እዚ ንመዓልቲ ወይ
መዓልታት፣ ንሰሙን ዚኸውን ግዜ፣ ንናይ ቅያዳ ዓማ ናይ ምቅንጻል መጥቃዕቲታት
እንተቃወምካን እዩ።
ድሕሪ ከምዚ ዚኣመሰለ ቃልሲታት ኣብ ዚተፋላለዩ ምምሕዳራት ነቲ ናብ ሓድነት ንምብጻሕ፣
ዚስገር ዕንቅፋታት ምስ ተሰግረ፣ እሞ ናይ ክሊተኣን ክፋላት ህ.ሓ. ምትሕንፋጽ ምስ ተገብረ፣
እቲ ተበላጺ ጉጅለ ከም ሃንደበት ተበጊሱ ኪንቀሳቀስ ጀመረ። እቶም ተበለጽቲ ኣዕነውቲ ኣብ
ውሽጢ ካልኣይ ክፋል  እንከለዉ ምንቅስቃሶም ዘይጀመሩስ ስለምንታይ ንሓድሕዶም ኣብ ምክፍፋእን
ካልእ ሓደ ሓደ ናይ ውልቃዊ  ዝምባለታት ነጸብራቃት ይረአ እኳ እንተነበረ፣
ኣቃልቦ ዚስሕብ ጥራይ ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ዚነበረ ውድዓዊ ኩነታት ናይ ብስራሕ ዝፈልጥዎም
ተጋደልቲ ኣከባቢን ንከምዚ ዚኣመሰለ ጸወታ ተቀባልነት ኣይነበሮን። ስለምንታይ
ድኣ ምትሕንፋጽ ምስ ተገብረ? ስለምንታይ ድማ መሪሕነትን መራሕትን ናይ ሓደ ክፋል
ጥራይ ከም ዕላማ?
ከምዚ ኪገብሩ ዚሓገዞ ወይ ንሳቶም ኸምዝምዝዎ ዚኽኣሉ ሓድሽ ኩነታት ነይሩ። ኣብ ኣጋ
እቲ ምትሕንፋጽ፣ ነቲ ዚነበረ ቁጽሪ ዳርጋ ዚዳረግዎ፣  መብዛሕትኦም ናይ ከተማ ናይ ንኡስ
ቡርጅዋ ዚመበቆሎምን፣ ከምኡ ዚኣመሰለ ዝንባለታት ዚነበሮም ናይ ማእከላይ ደረጃ ተማሃሮ
ተሳቲፎም ነይሮም። እዞም ገና ዘይነቅሑን፣ ዘይበሰሉን፣ ተመክሮ ዘይቀሰሙን ሒዞምዎ ብዚመጹ
ባህሪያዊ ጠባያቶምን፣ ንተበለጽቲ መስርሒ ዚኾኑ ቅሙጣት ነበሩ።
ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋላት ምትሕንፋጽ ንምግባር ዘገደደ መሰረታዊ ሕቶታትኳ
እንተነበረ፣ ካብ ቀደም ዚተረፈ ምጥርጣርን ናይ ውልቀሰብ ዘይምርድዳእን ሓፈሻዊ ናይ ሓድ-ሕድ
ዘይምፍላጥ ኩነታትን ነይሩ። እዚ እውን ብወገኑ፣ ዚኾነ ይኹን መልክዕ ሂብካ ኪጋፋሕን፣
ብተበለጽቲ ኪምዝመዝን ዝኽእል ኩነታት ነበረ።
ከምኡ ዚመሳሰል ድማ፣ ደሕሪ ምፍላይ ሓደ ጉጅለ ካብቲ ሓደ ቀዳማይ ክፋል ህ.ሓ.ን ናብ
ያበል ምጽንባርን፣ ብሓፈሻ ነቲ ዚነበረ ናይ ምምሕድዳር ምጥማር በቲኑ፣ ኣብ መንጎ ህ.ሓ.
ብሓፈሻን ኣብ መንጎ ያበልን ዚነበረ ዝምድና ኣረሓሒቅዎን ኣደስኪልዎን ስለዚነበረ ብተበለጽቲ
ንኪምዝመዝ ዚጥዕም ኩነታት ነበረ። / ብዘይካዚ  ድማ ካልኦት ካብ ህ.ሓ. ወጻኢ ዚኾኑ ውልቀ
ሰባትን ጉጅለታትን የተባብዕዎ ነበሩ።/
እቶም ናይ ምንቅስቃስ ቀንዲ መዋፈርቲ ብውልቃዊ ዝናን፣ ትዕቢትን ዚሰኸሩ፣ዓበይቲ ናይ ገዛእ
ርእሶም ሕልሚታትን፣ ስሰዐን፣ ዚነበሮም ተበለጽቲ ብምዃኖም፣ ቀንዲ መበገሲኦም ባዕላዊ ሕማማቶም
ጥራይ እዩ።  እቲ ዚነበሮም ዋና ዕላማ ድማ ብዚኾነ ይኹን መንገዲ ነንውልቆም
ናብ ስልጣን ምድያብ እዩ። ስነመጎቶም ድማ ከምዚ ዚስዕብ ነበረ። ንሳቶም ናብ ስልጣን ምእንቲ
ክበጽሑ እቲ ዘሎ መሪሕነት ብዚኾነ ይኹን መንገዲ ክእለ ኣለዎ። እቲ መሪሕነት ክእለ ድማ ዘእሊ
ምኽንያታት ኪህሉ ኣለዎ። ዘእሊ ምኽንያታት እንተዘይተረኽቦ፣ ዘእሊ ምኽንያታት
/ ገበን / ኪፍጠር ኣለዎ። ሓደ ካብቶም ዋና መንቀሳቀስቲ ናይዚ መደምደምታ ኪህብ ከሎ
ኣብ መጀመሪያ ምልዕዓል ናይቲ ምንቅስቃስ ከምዚብሎ፣ ** መኸሰሲ ዚኸውን ሓደ ዓቢ ገበን
እንተዘይተረኽበ፣ ናኣሽቱ ነገራት ኣጠራቕምካ ሓደ ዓቢ ገበን ኪትፈጥር ትኽእል ኢኻ**። ነዚ
ቁልቁል ኣፉ ዚተገልበጠ ስነ-መጎት ንምርግጋጽ ድማ ኩሉ ኣድሓርሓሪ ስልቲታት ኪትጥቀም
ኣሎካ ማለት እዩ። ሓደ ዓቢ ፈላስፋ ዚብሎ እናበልካ፣ ናብ ድላይካ ምብጻሕ ወይ ስልጣን
ምጭባጥ **ሓሱ** **ይጠቅመካ እዩ እትብሎ ግርጭታት መዝምዝ** ይበሃል እውን ነይሩ።
ኩሉ እቲ ምንቅስቃስ፣ መጀመሪያኡን መወዳእታኡን ኣብ ከምዚ ዚኣመሰለ ዕላማታት ስነ-
መጎትን ስልቲታትን ዚተቆማጠዐ እዩ ነይሩ።
ነቶም ተበለጽቲ ኪንቀሳቀሱ ዕድል ዚሃበ ኩነታት እቲ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ነጥብታት
ኪኸውን እንከሎ፣ ከም ኣጋጣሚ መበገሲ ዚኾኖም ሓደ ኩነት ነይሩ። ንሱ ድማ ኣብ መንጎ
ሓደ ክልተ ኣባላት ናይቲ ካልኣይ ክፋል ዚበሃል ዚነበረ መሪሕነት ዚነበረ ካብ ነዊሕ እዋን
ዚጸንሐ ውልቃዊ ዘይምርድዳእ እዩ። እዚ ዘይምርድዳእ እዚ ካብ ነዊሕ  እዋን / ናይ ክፍልታት
ግዜ ዝጸንሐ ክኸውን እንከሎ፣ ሓደ ሓደ እዋን ነጸብራቅ፣ ስራሕ ኣብ ዚፍጸመሉ ይርኣ ስለዚነበረ
ሓደ ሓደ ካድራት እዚ ኣብ ሓደ ክፋል ዚነበረ ዘይምርድዳእ ኣብቲ ዚተሓናፈጸ ሓይሊ
ከይሰርብሞ ኣብ ስራሕ ዕንቅፋታት ከየምጽእ ብምባል ተኣኪቦም ሓደ-ሓደ ኣባላት መሪሕነት
ኪትጽውዓሎም ብ18/9/73 ሓተቱ። መሪሕነት ድማ መጸት። ብዛዕባዚ ኣኼባዚ ዚዝረብ ብዙሕ
እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣኼባ ናይ መጀመሪአ እኳ እንተዘይነበረ፣ እዚ ኣኼባ እዚ ብፍላይ፣ መሪሕነት

ከም ዘይዓደመቶ፡ ወይ ነቶም ዚዓደሙ ከምዘየተባብዓቶም ከምዘየፍቀደትን ዚተረረጋገጸ እዩ። ሕጋዊ ኣካል ተኣኪቡ ዘይገበሮ ይብሉ ይኾኑ። ፖለቲካዊ ትምህርቲ ንምውዳእ፡ ናብ ገህተብ ንምስታፍ፡ ንድፌ ፕሮግራም ንምጽናዕን ካልእ ነንበይኖም ሕቶታት ንምጽናዕን ንምውሳንን ኣኸባታት ይግበረሉ ኣብ ዚነበረ ግዜ፡ ናብ ከምኡ ዚኣመሰለ ኣኸባታት ሕጋውነት ዘይተሓተስ ስለምንታይ? ብዛዕባ ናይቶም ኣብኡ ዚተሳተፉ ሰባት ዓይነት እውን ብዙሕ ይዝረብ ይኸውን፡ ናይቶም ሰባት ዓይነት እውን፡ ካብ ወርሒ ዚወረደ ኣይኮነን። ልክዕ ከምቶም ቅድሚኡ ኣብ ዚግበር ዚነበረ ኣኸባታት ዚእከቡ ዚነበሩ እዮም።
ብዚኾነ ከም ልሙድ፡ እቲ ናይ 11 ተጋደልቲ ኣኸባ፡ ካብቲ ተኣኪብሉ ዚነበረ ናይ ምንቅቃፍ ዕላማ ወጺኡ፡ ኣብ ኣቀራርባ፡ ናህሪን ህልኽን ስለዝበዝሖ፡ ምንቅቃፍ ምዃን ተሪፉ፡ ገለ ከየፍረየ ተበታቲኑ። ከምዚ ኮይኑ ምስ ተፈጸመ፡ እቲ ሕቶ ብዝሓሸ ኣገባብ ኣብ ጸቢብ ጉጅለ ክፍታሕ ዚነበሮ ካብ ዘይተፈትሐ ኣብ ሰፍሕ ዝበለ ናይ ቀዳማይ ወገን ብጾት ዘለውዎ ኪፍታሕ ኣለዎ ተባሂሉ 36 ካድራት ዘለውዎ ኣኸባ *ብ26/9/73* ተገብረ። ኣብዚ ኣኸባ እዚ ድማ፡ እቶም ኣንቀሳቀስቲ ንመጀመሪያ ተቀልቀሉ። ቅድሚ ናብ ዚኾነ ይኹን ነጥቢ ምእታው፡ ዕላማኦም ኣብቲ ኣኸባ ዝርግርግ ምእታው ስለዚነበረ / ንካልእ ዓበይቲ ጉዳያት ኪእከቡ ብዛዕባ ሕጋውነት ናይቲ ኣኸባታት እቲ ሓቲቶም ዘይፈልጡ / ብሕጋውነት ናይቲ ኣኸባ ኪሓቱ ጀመሩ። እዛ ነገር እዚኣ ኣብ ውሽጢቲ ኣኸባ ምንህሃር ፈጢራኳ እንተነበረት ከይቀጸለት፡ ናብቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ተኣትወ። እቲ ኣርእስቲ ኪዝረበሉ ምስ ጀመረ፡ ነቲ ጉዳይ ከም ናይ ክልተ ጉጅለታት ተጻራሪ ግርጭት ገይሮም ከቅርብዎ ፈተኑ። **እዚ ካሚን እዩ** እናበሉ እውን ዕላማ ናይቲ ኣኸባ ንምጥዋይን ንምድንጋርን፡ ሓደ ጉጅለ ንካልእ ኪቀትል ከምዚገበሮ ኣምሲሎም ኣቅረብዎ። እዚ ዓይነት ኣቀራርባ እዚ ሓሶት ምኻኑ ንሳቶም ባዕላቶምኳ ይፈልጥዎ እንተነበሩ /ንምቅታል ከምዘይኮነ/ ብግዲ ኸምኡ ገይሮም ምቅራቦም ግሁድ ሸቶታት ነይርዎ። ሕሉፍ ሓሊፎም፡ ነቲ ዲሞክራሲያዊ ውድብ **ናይ ሓደ ክልተ ሰባት መንዲል** ከምዚኾነ ኣምሲሎም ንምቅራብ ረሳሕ መልሓሶም ቃሕከምዚበሎም ከዘውትርዎ ጀመሩ። እዚ ዓይነት ኣቀራርባዚ ነቶም ፈጺሞም ካብ ዚኾነ ይኹን ባዕላዊ ጠንቅታት ዘይተበገሱ ሰውራውያን ተጋደልቲ ከርስን ስለዝጀመረ፡ እቲ ኣኸባ ካብ ናይ ምርድዳእ መስመር ወጺኡ ኣብ ናይ ምውቅቃዕ ደረጃ በጺሑ፡ *ጸጋይ ንሙሴ ወቒዑ ምስ ኣውደቖ፡ እቲ ኣኸባ ተዓጽወ።*
ንሓደ ሰብ ንምቅታል ዚብሉዎ ዚነበሩ፡ ናይቲ ኣኸባታት ዕላማ ንሓደ ሰብ ንምቅታል እንተድኣ ኮይኑ እቲ ኣኸባ ስለምንታይ ኣብ ጸቢብ ጉጅለ ክኸውን ተፈቲኑ? እቲ ውድብ ናይ ሓደ ክልተ መንዲል እንተድኣ ኾይኑ ድማ፡ ካብቶም ቐንዲ መሻርኽቲ ንሳቶም ኣይነበሩንዶ? ወይስ ዲሞክራሲ መልሓሶም ብዚፈጠሮ ጠንቂ ምስ ተወቅዑ ጠፊኡ! ስልቲታቶም ንምብትታን ንምርስሳንን ኣብቲ ዚደልዮ በጺሑ።
ድሕሪዚ ነቲ ንምውዕዋዕ ብዚያዳ መመኽነይታ ረኺቦም **ንሰለሞን ኪቀትልዎ ደልዮም** እናበሉ ንዚኾነ ሰብ ** ንዓሞ........ሰሚዕካዶ** እናተባህለ፡ ነቲ ዘይወዓለ ብሓሶት እናበሰሩ ዉዕዉዕ ዘመተ ገበሩ። ነቲ ካብ ዘየሎ ጠንቂ ፈጢሮም ኣብ ምውቅቃዕ ዘብጽሕዎ ኩነታት፡ ካብ ናይ በለጽ ስልትታቶም ዚመጸ ሳዕበን መምኽነይታ ፈጢሮም፡ እቲ ዚተፈጸመ መውቃዕቲ፡ ከምቲ ኣብ ጽውጽዋይ ናይ ፖሊስ ዚንገር፡ ደይመደይ ኢልካ፡ ናይ ኮፍ ኣበህላ፡ ናይ ብረት ኣተሓሕዛ፡ ናይ መውቃዕቲ ቦታ......ወዘተ ተጸኒዑ፡ ጸጋይ ድማ ከም ሓደ ናይ ከምዚ ዓይነት ስራሓት ዚተራቀቀ ኪኢላ ገርካ ብምቅራብ፡ ነቲ ዚተፈጸመ መውቃዕቲ፡ ናይ መቕተልቲ ፈተነ ከምዚነበረ ኣምሲሎም ከውርይሉ ጀመሩ። ብዘይካዚ ክልተ ግዜ ብጥይት ተሳሒትና እናተብህለ ዚውሰኽ መዳምቅቲ ሓሶት እውን ነይሩ። ምስኡ ድማ **መሰል ተጋደልቲ የለን** **ዲሞክራሲ የለን** እናበሉ ዓዕ ኪብሉ ጀመሩ። ኣብ ነንበይኑ ቦታታትን ኩነታትን ድማ ብነንበይኑ ስልቲታት ውዕውዕ ዘመተ ተላዕለ።
ነቲ ኣብ ካልኣይ ክፋል ዚነበረ ሓፋሽ ኣብ ነንበይኑ መቃቂሎም፡ ንገሊኡ፡ **ንሰሎሙን ኪቀትልዎ ደልዮም ኣድሒንናዮ** ሓቂ ኣምሲሎም ምንጋር፡ ነቲ ሓፋሽ ሓድሽ ድማ ህዝባዊ ሓይልታት ከምዘይዲሞክራሲያዊ ውድብን፡ ማእለያ ዘይብሉ ጉድለታት ዘለዎን፡ ዓበይቲ ገጋታት ዚፈጸመን ዚፍጽምን፡ ቀታሊን ሓራዲን ኣምሲሎም ኣስማት ናይ ሰውራውያን ብሓሶት እናጸለሙ ኪሰብኩ ጀመሩ። ንብዙሓት ድማ ኣደናገሩ።

ነቲ ዘይልፈልጠምን ንካልኣይ ክፋል ህ.ሓ. ኣጸቢቑ ዘይፈልጥን፡ ንመጀመሪያ ግዜ ዚተሓናፈጸ፡ ናይ ቀዳማይ ክፋል ሓፋሽ ተጋዳላይ ድማ፡ ናይ ካልኣይ ክፋል መሪሕነት ብሕማቅ ዓይኒ እዮም ዚርእዩኹም፡ ከምዚ ኢሎም ይጸርፍኹም የነውርኹም ነይሮም እዮም፡ እናበሉ ብዓለገን ናይ ሓሶት ወረታትን እናውረዩ ንሓፋሽ ተጋደልቲ ምጥርጣር፡ ኣብ መንጎ ሓደ ክልተ መራሕቲ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋል ዚነበረ ናይ ቀደም ዘይምርድዳእ እናመዝመዙ ክውንን ዘይክውንን

ብምውራይ እውን ንብዙሓት ኣጋገዩ።

ኣብ መንጎ ያበልን ህ.ሓ.ን ዚነበረ ሓድሽ ዝምድና ብምምዝማዝ ድማ፣  ብዝያዳ ከምዝርሕቑን ብደገ ኮይኖም ናይ መዳኸሚ ሓጋዚ ሓይሊ ከም ዚኾንዎም ብምግባር፣ ህ.ሓ. ከም ዚገፍዓቶም /ንያበል/፣ ኣብ ውሽጢ ህ.ሓ. ኣብ ሓጺር እዋን ምቅይያር ኪመጽእ ከምዚኾነ፣ እሞ እቲ ምቅይያር ክሳብ ዚመጽእ /ንሳቶም ኣብ ስልጣን ምስ ደየቡ ማለትዩ/ ምስ ናይ ህ.ሓ. መሪሕነት ፈጺሞም ከይራኸቡ  ሓባበልዎም። ንሳቶምውን /መሪሕነት ያበል/ ኣይሓመቑን ብዚያዳ ኪርሕቁ ጀሚሮም።

ኣብ መንጎ ሓፋሽ ተጋደልትን መሪሕነትን መራሕቲን ዚነበረ ዝምድና ንምብትታንን ንምርሕሓቅን፣ ድማ፣ ደርባዊ መልክዕ ዚሓዘ እናምሰልካ ምዝራብን፣ ዶብ ዘይብሉ ትርጉም ናይ ማዕርነት እናሃብካ፣ ተጠንቀቅ ሰጥ በል ሊተርፍ ኣለዎ፣ መራሒ ብሕጊ ኽፋሑኽ ዚኽእል እንተድኣ ኮይኑ ተራ ደጋዳላይ እውን ንመራሒኡ ከፋሕኾሉ ዚኽእል መሰል ኪህልዎ ኣለዎ..... ምስ መራሕቲ ዚቀረበ ኩርኩር እዩ..........እናበልካ ኻኹላቶም መራሕቲ ከምዚንጸሉ ምግባር። ኣብ ገሊኡ ሓይልታት፣ ብሓሶት ኣጸሊሞም ተጋደልቲ ኣረሳሲኖም፣ ካብ ሕጊ ብዝወጸ ኣገባብ፣ ንመራሕተ ንምርሓቅ ኣብ ዚበጽሕሉ፣ **ኦ ኣምላኽ እንኳዕ እዚ ኣርኣኻና** እናበሉ ዘተንፍስሉ እዋናት እውን ነይሩ።

ነቲ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ዚነበረ ዘይምርድዳእ ኪፍታሕ ስለዘይደለይዎ፣ ናይቲ ሓደ ደገፍትን ኣድሓንቲን፣ ናይቲ ካልእ ድማ ተቃወምቲ ብምምሳል ነቲ ዝነበረ ዘይምርድዳእ ኣግፊሖም ኪጥቀምሉ ፈተኑ። ነቲ ናይ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ መድረኽ ንድፊ ፕሮግራም ምጽናዕ፣ እቲ ዚነበረ ሕጋዊ ኣካል ምስ ተኣከበ፣ ሓንሳብ ናይ መሪሕነት ግርጭት ኣሎ እናበሉ፣ እቲ ናይ ኣባላት መሪሕነት ዚነበረ ዘይምርድዳእ እቶም ኣባላት ባዕሎም ብነቀፊታ ከምዚፈትሕዎ ንድሕሪ ሕጂውን ጌጋታቶም እናተናቃቀፉ ኪፈትሕዎ ከምዚኾኑ ምስ ኣረጋገጹሎም /ድሕሪቲ ናይ 36 ኣኼባ እቶም ዘይምርድዳእ ዚነበሮም ኣባላት መሪሕነት ነፍሰወከፎም ባዕሉ ብዘንቀሎ ድልየት ተኣኪቦም ብዚሓለፈ ጌጋታቶም ተነቓቒፎም ንድሕሪ ሕጂ ጌጋታትን ዘይምርድዳእን ምስ ዚፍጠር ተራኺቦም ብነቀፊታን ነብሰነቀፊታን ኪፈትሕዎ ወሲኖም ከምዚነበሩ ዚዝከር እዩ። ግልብጥ ኢሎም፣ ናይ ሂወትና ውሕስነት ነደሊ ኣሎና፣ ፕሮግራም ወረቀት እዩ፣ ካብ ፕሮግራም ዚዓቢ ጉዳይ ኣሎና እናበሉ ዕንቅፋታት ብምፍጣር ነቲ ኣኼባ ኣልመስዎ።

እቲ ኩነታት ከምዚ ኢሉ እናኸፍአ ምስ ከደ፣ መሪሕነት ነቶም ዘንቀሳቅሱ ዚነበሩ ጸዊዓ ርእይቶ እንተለዎም ብጽሑፍ ከቅርቡ ካብኡ ዚተረፈ እቲ ዚገብርዎ ዘለዉ ምንቅስቓስ ፋሉላዊን መዕነዊን ከምዚኾነ ኣዘኻኸረቶም። ኣብ ከምዚ ዚኣመሰለ ኩነታት መህደሚ ስለዘየልቦ፣ ነቲ ኣልዒሎሞ ዚነበሩ ዲሞክራሲያዊ ዚመስል ንናይ ዚተነፍሐ ፍሕኛታት ዓበይቲ ጭርሖታት ንናይ **ዲሞክራሲ** **መሰል** **ጉድለታት** ከምዚእመን ንምግባር ዚጭበጥ ነገር ኪመልእዎ ኣለዎም፣ ወይ ነብሶም ኪነቕፉ ነይርዎም። እታ ካልኣይቲ ምርጫ ንከምኣቶም ዚኣመሰለ ትዕቢተኛ መራር ስለዚነበረት፣ ነታ ቀዳመይቲ ከማልኡ ኣፍንጭኦም ኣብሊሖም ጌጋታትን ጉድለታትን ነቕዓትን ኪሽትቱ ጀመሩ።

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት፣ በቲ ግልቡጥ ስነ-መጎቶም ዲሞክራሲ ከምዘየሎ ንምርግጋጽ፣ /ኩሉ እቲ ዚነበርዎ ዚሓለፈ እዋን ተረሲዑ/ ሰኣን ዲሞክራሲ ጉድለት ናይ ምምሕዳር የኸትል፣ ናይ ምምሕዳር ጉድለት ኣብ ምፍጻም ይርኣ፣ ናይ ጉጉይ ምፍጻም ጥንቂ ጉጉይ ምሕንጻጽ ከም ዚኾነ፣ ናይ ጉጉይ ምሕንጻጽ ድማ፣ ስእነት ምቁጽጻር ከምዚኾነ ንምርግጋጽ ጉድለታት ኪሰርዑ ጀመሩ። ካብቲ ኣልዕል ኣቢሎም ዚሰርዕዎ ነጥብታት ብመጀመሪያ ናይ ሓይልታት ኩነታትን ኣብ ውግኣት ዚፍጸም ጌጋታት ይመጽእ። ኣብ ዚኾነት ዚተገብረት ውግእ ብጾትና ነናሕድሕዶም ከምዚወቃቐዑ ይዝክሩ። ኣብ ክፍልታት፣ ዜና፣ ሕክምና ዚርኣ ጉድለታት፣ ኣብ ነንበይኑ እዋናት ኣጓኒፉ ዚብልዎ ጥምየታት፣ ኣብ ሓደስቲ ኣወጻጽኣ፣ ዚፍጸም ጌጋታት፣ ናይ ሰለይቲ፣ ናይ ኣብ ከበሳ ዘለዉ ሓይልታት ሽግር፣ ምስ  ህዝቢ ዚግበር ጌጋታት፣ ናይ ርእይቶ ምኽልካል፣ ምውቃዕ.......ወዘተ ነበረ። እቲ ጽሑፍ ብሙሉኡ መሰረት  ኣይነበሮን። ኩሉ፣ **ናኣሸቱ ጌጋታት ኣጠራቂምካ፣ ሓደ ዓቢ መኽሰሲ ገበን ምፍጣር፣** ካብ ዚብል ስነ-መጎት ዚተላዕለ እዩ ነይሩ። ብድሕሪዚ መሪሕነት፣ ትርጉም ናይ ዲሞክራሲ ብሰፊሑ ዚገልጽ፣ ናይ ምምሕዳርን ምቁጽጻርን መትከላት ዘብርህ፣ ዲሞክራሲያዊ መሰላት እንታይ ከምዚኾነ፣ናይቲ ሓደ ሓደ ምቅዋም ጠንቅታት ውድዓዊ ኩነታት ናይ ህ.ሓ. ሓይልታትን ዝምድናታቶምን፣ ሓድ-ሕድ ኩናት......ወዘተ. ብዝርዝር ዚገልጽ፣ ነቲ መሰረት ሓቂ ዘይብሉ፣ ዘውረድዎ ነጥብታት በብሓደ ዘርዚሩ ዚተገብረ ኩናታት በብሓደ፣ ናይ ዘና ሓሶት፣ ናይ ሕክምና ሓሶት፣ ብዛዕባ ጥሜታት! ናይ ከበሳ ጭንቂ! ሰለይቲ! ርክብ ምስ ህዝቢ! ርእይቶ ምኽልካል! ምውቃዕ! ንዚብሉ ነጥቢታት ሓደ ብሓደ ዚትንትን ጽሑፍ ኣመሪሕነት ቀረበ።

ኣብቲ እዋንቲ ድሕሪ ምትሕንፋጽ ናይ ሓይልታት መሪሕነት ናይ ስራሕ መደብ ኣውጺኣ

ነበረት። እቲ ዚነበረ ናት ስራሕ መደብ - ናይ ኢትዮጵያን ዓማን፡ ወተሃደራዊ ኩነታት ኣብ ሰሜናዊ ሳሕልን ቅድመ-ግንባርን፡ ኣብ ቅድመ-ግንባርን ሳሕልን ዘሎ ናይ ሓይልታትና ኩነታት ዘጽንዑ፡ ናይ ኣጽዋርን ስንቂን ኩነታት፡ ውሽጣዊ ወታሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታት ሓይልታትና ምምዕባል ምስ ያበል ዚህሉ ዝምድና፡ ናይ ወጻኢ ኩነታት- ል.ው.ጉ.፡/ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ/ ንህዝቢ ምንቃሕን ምውዳብን፡ ኣብ ሱዳን ዘሎ ጨንፈራት፡ ናይ ፕሮፓጋንዳ ሽግራት ዚትንክፍ ነበረ።
ነቲ ዚወጸ ናይ ስራሕ መደብ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ናይቶም ተበለጽቲ መዕነውቲ ምንቅስቃስ ዕንቅፋት ደኾውን ስለዚነበረ፡ እቲ ዘቕረብዎ ዚነበረ ሓሶት ንምግላጽን ንምትንታንን፡ እቲ ዘዳለወቶ ጽሑፍ ንምቕራብ፡ ናይ ህ.ሓ. ታሪኽን ዘሎ ህልዊ ኩነታትን፡ ናይቶም ተበለጽቲ መንነትን ስልቲታቶምን፡ኣብ መንጎ ኣባላት መሪሕነት ዚነበረ ዘይምርድዳእ ደኹን ካልእ ኩሉ ንሓፋሽ ተጋደልቲ ዘደናግር ዚነበረ ሕቶታት ንምብራህን ዘለዎ ናይ ስራሕ መደብ ንምግላጽን ተጋደልቲ ምእካብ ኣድላይ ኮይኑ ስለ ዚረኸበቶ፡ በቲ ዚነበረ ኩነታት፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ ሸሹድሽተ ተወክውልቲ ኪስደዱ ሓቲታ ሰብዓ ዚኾኑ ተጋደልቲ ብ 6/11/73 ተኣከቡ።
ከምዚ ዚኣመሰለ መግለጺ ንተጋደልቲ ምቕራብ፡ ኣዝዩ ስሰዘስገኦም፡ በቲ ዚነበረ ርሱን ኩነታት ብምብላጽ፡ መሪሕነት ነቲ መግለጺ ኪትህብ ኣብ ዚቀረበትሉ፡ ሆ..........ሆ..........ሆ ኢሎም ነቲ ኣኸባ ከምዘቋርጽ ምስ ገበሩ፡ መሪሕነት ኣብ ዘየብሉ ብገዛእ ፍቃዶም ተማሻጢሮም፡ ሓንቲ ካብ 10 ሰባት ዚቆመት፡ 10 መዓልቲ ዚዕድመኣ **መርማሪት** ኢሎም ዚሰመይዋ ሽማግለ መረጹ።
ከዱ.......ደየቡ! እቲ ናይ **ብሓቂ ስራሕ** ድማ ሽዑ ተጀመረ። **እዛ መሪሕነት እዚኣ ኪትወርድ ኣለዋ! ሓድሽ ኣካል ክንመርጽ ኣሎና! እናበልካ መዓት ጽውጽዋያት ንምዝንታው ለይትን መዓልትን ድቃስ ሰኣኑ። ብዙሓት ብስሚዔት ሆ! ዚብሉ ዚነበሩ፡ ተጋደልቲ ከምዚ ዚኣመሰለ ስብከት ምስ ተጀመረ፡ ሰገጥ ኪብሉ ጀመሩ። **ስለምንታይ ግን!** ዚብል ሕቶ ድማ ካብ ሓፋሽ ተጋደልቲ ኪመጽእ ጀመረ። ሓደ ክልተ **ስለምንታይ! ተጋደልቲ ካልእ እዮም ዚሓቱ ዘለዉ እምበር መሪሕነት ትውረድ ምዓስ ኢሎም** ኣብ ዚብልሉ ግዜ፡ ሓደ ካብቶም ዋና ተራእይቲ ናይቲ ምንቅስቃስ **ሕጂ እንተዘይበሉ፡ ነቲ ክስታት ምስ ረኣይዎ ኪብሉ እዮም** በለ። እቲ ናይ ብሓቂ ስራሕ ድማ ኣብ ክንዲ **ምምርማር** ክስታት ምእካብ ኮነ።
ተጋደልቲ መሪሕነት ትውረድ ምእንተ ኪብሉ ኪስታት ምእካብዩ። ኣብተን ዚተወሰና ዓሰርተ መዓልቲ፡ ከምሕልዎ፡ ላዕሊን ታሕቲን እናተወናጨፉ፡ ጆሆቫ **ቃል ኣምላኽ ከስማዓካ** እናበሉ ንዚኾነ ሓላፍ መንገዲ ከምዚልምኑ፡ ኪምስምስ እናበሉን፡ ኣብ ዉሑዳት ደቃይቕ **ዕርክነት** ኪፈጥሩ ካዕካዕ እናበሉን፡ **ብዛዕባ መሪሕነት ወይ ካልኦት መራሕቲ እትፈልጦ ጌጋታት እንታይ ኣሎ? ዚረኣኻዮ ጌጋታት ኣሎዶ?.... ተቀጺዕካ ትፈልጥዶ?.....ስለምንታይ?...** እናበሉን ብኻልእ ማእለያ ዘይብሉ ኣድሓርሓሪ ስልትታት እናተጠቕሙን ካብቲ እቲ ተኣኪቡ ዚነበረ ተጋዳላይ ዚሃቦም ናይ ምምርማር ሓላፍነት ወጺኦም፡ ነቲ **ኪምርመር ኣለዎ!......... ኪፍለጥ ኣለዎ!** እናበሉ ዘረሳስንሉ ዚነበረ **ዚተፈትሐ** ናይ ኣባላት መሪሕነት ዘይምርድዳእ ብጸግዒ ገዲፎም ነተን ብዝይ ገለ መሰረት ዘልዓልዎን **ዲሞክራሲ የለን** **መሰል ተጋደልቲ ኣይሕሎንዩ** **ናይ ምሕዳር ጉድለት ኣሎ** ዚብልወን ክስታት ሓቂ ንምምሳል **ጭቡጥ ነገር** ኪእክቡ፡ ግዜ ወሲኾም፡ ብዕለት 3/2/73 ነቶም 70 ተጋደልቲ ኣከብዎም።
እቲ ሓቅነት ዘይተረጋገጸ ወረቃቕትን፡ ባዕላቶም ዚፈጠርዎ ደኩመንታት ከይምርመርሞ ብዚያዳ ከቅልዑ ስለዚፈርሑ፡ ናብቲ ዚተዓደመ ኣኸባ ከቅርብዎ እንክለዉ፡ በቲ ሓደ ወገን **ካብ 700 ንላዕሊ ዚኸውን መረጋገጺ ወረቀት ኣሎና!** እናበሉ እናተጃህሩ፡ በቲ ሓደ ድማ፡ ድሮ ኪቃልዑ ጀሚሮም ስለዚነበሩ፡ ብድብድቡ፡ ኣብ 13 ነጥብታት ጸሚቆም ከቕርብዎ ከምዚኾኑ ገለጹ። እቲ ሓፋሽ ተጋዳላይን ተዘንጊዑ ዚጸንሐን ግን እዚ ጥበብ እዚ ኪሓልፎ ስለዘይከኣለ፡ እቲ ኣብ 700 ወረቀት ዘሎ ሓቂ እንተዳኣኾይኑ እዩ እቲ ካብኡ ዚጽሞቕ ሓቂ ኪኸውን ዚኽእል እምበር፡ እቲ 700 ሓቅነት እንተድኣ ዘይተረጋጊጹ እቲ ጽሟቕ ትርጉም ስለዘይህልዎ፡ ቅድም እቲ ካብ **700 ንላዕሊ ዚበሃል ወረቃቕቲ ናይ ክስታትን ይቕረብሞ ድሕሪኡ እቲ 13 ጽሟቕ ሓቅነትን ሓሶትን ይረጋገጽ ምስተባህለ፡ ዓይኖም እናሓሰዩ፡ **ግዜ ከይወስድ ኢልና እምበር** እናበሉ፡ ግፉፍ ሓሶቶምን ዝፈከርዎን፡ ዘጋነንዎን ኩሉ ቀረበ።

***1.ተጋደልቲ ናይ ርእይቶ ምሃብ መሰል ተኸልኪሎም።***
/ብመሰረቱ ሓሶት፡ ከምቲ ንመሪሕነት ዚቀረቦም መልሲ ዚተዋህቦ/
***2.ናይ ሓይልታት ኣብ ውጉኣት ዚፍጸም ጌጋታትን።***
/ከምቲ ንመሪሕነት ዚቀረበሞ፡ መልሲ ዚተዋህቦ/

***3.ናይ መነባብሮ ፍልልይኳ እንተዘየለ፣ ኣድልዎ ዘርእዩ ሰባት ኪእረሙ።***
/እዚ ዕዉር ሓሶትዚ ኣብቲ ኣኼባ ብዞያዳ ተቀሊዑ/

***4.ሕግታት ከምብሓድሽ ናብ መጽናዕቲ ኪኣቱ።***
/እዚ ንስምዑለይ ዚቀረበ እምበር፣ ኣብ ህ.ሓ. ካብ ሰማይ ዚወረደ ዘይሰውራዊ ሕጊ ኣይነበረን፣ ወትሩ ምስ ምስ ሓድሽ ምዕባለታት ድማ ይቕየር ኔሩ እዩ።

***5.ንውጉኣትን ድኹማትን ኣብ ዚግበር ምንባይ ዘሎ ጉድለታት።***
/እዚውን ንመመላእታ ዚቀረበምበር፣ ዚነበረን ዘሎን ንነዊሕ እዋን ዚጸንሐን ሽግርዩ። ብዛዕባ ምንባይሲ ክንደይኳ/

***6.ናይ ክፍልታት ዝምድና /ብመሪሕነት/ ብሩህ ኪኸውን።***
/ናይተን ዚነበራ ኪፍልታት ዝምድና ንጹርን ብሩህን እዩ። ኣብ እቲ ናይ መሪሕነት መልሲ ብሩህ እዩ።/

***7.ንናይ ጸላኢ ሰለያ ዚቃወም ጽኑዕ ክፍሊ ኪግበር፣ ናይ ቅድም መርመራታት ድማ ኪምርመር።***
እዚውን ኣብ መሪሕነት ዚተዋህበ መልሲ ብሩህኳ እንተሎ፣ ብተወሳኺ መብርሂ ኣድላይ እዩ። ቅድሚቲ ሓይልታት ኣብ ሓደ ቦታ ምእካቡ፣ ህ.ሓ. ብናይ ሰለይቲ ወራር ብዙሕ ተመክሮ ነይርዎኳ እንተኾነ፣ ድሕሪ ምትእኽኻብ ናይ ሰለይቲ ዋሕዚ ዝበዛሕሉ ኣብ ገረገር ነበረ። ናይቶም ሰለይቲ ተልእኾታት፣ ኣብ ውሽጢ ህ.ሓ. ተነጻሊ ጉጅለ /**ናይ መስርዕ**/ ንምፍጣር፣ ሰባት ምቕታል፣ ትሕዝቶ ኣጽዋርን ዚመጽሉን ምፍላጥን፣ መቃምጠ ሓይልታትን ካልእ ውሽጣዊ ኩነታት ንምፍላት ብስምዓ ታት ኪትንተንን ምእታው፣ ብረት ሕዝካ ምህዳም...........ወዘተ ነበረ።
ኣብቲ እዋንቲ ህ.ሓ. ሓለዋ ሰውራ ወይ ናይ ጸጥታ ወይ ናይ መርመራ ዚበሃል ፍሉይ ክፍለ-ስራሕ ኣይነበረን። መብዛሕተኦም ሰለይቲ፣ ሓፋሽ ተጋደልቲ ኣብ ግዜ ፖለቲካዊ ትምህርትን፣ ክትዕን፣ ስራሕን፣ ዕለታዊ መነባብሮን፣ ይገብርዎ ብዚነበሩ ትዕዚብትን ምክትታልን ተመዝሒቆም ይወጹ ነይሮም። ዚኣክል መርመራ ምስ ተገብረሎም ድማ ግቡእ መቕጻዕቶም ይቕበሉ። ካብቶም ዚለኣኹ ዚነበሩ ሰለይቲ፣ ካብ ዉጹዓት ደርቢታት ዚመበቆሎም እዩ። ስራሕ ካብ ምስኣን ዘይጠቅም ገንዘብ ተቆጺሮም ዚለኣኹ ዚነበሩ ይመሓሩ ነይሮም እዮም። ብዛዕባኣቶም ድማ፣ ናይ ሓፋሽ ተጋደልቲ ኣኼባ እናተገብረ መግለጺ ይወሃድ ነይሩ እዩ። እዚ ናይ ሰለይቲ ነጥቢ ሓደ ካብቲ እቶም ኣዕነውቲ ዚሰብክሉ ሊነበረ እዩ። ጌጋታት ፈጺሙ ኣይግበርን ነይሩ ማለት ዘይኮነስ፣ ህ"ሓ. ሰለይቲ እትምርምረሉ ተኣምራታዊ ኮምፒተር ስለዘይነበራ፣ ኣብ ዘድሊ
መውቃዕቲ ተዘውትርያ። ናጻ ንዝኾነ ድማ፣ ህ.ሓ. ሰምቢሮም እዮምሞ ከየካፋኡና ንቅተሎም ኣይትብልን እያ። ***ኣበስ ዘይብሉ ብኽሲ ቀሪቡ ዚተመርመረ ብናጻ ይልቀቅ።*** ናይ ከምዚ ዚኣመሰለ ስምብራት ቅርሕንትን ግን ቀልጢፉ ስለዘይጠፍእ፣ እቶም ኣዕነውቲ ኣንቀሳቀስቲ ነቶም ናጻ ዚተለቁን ብኣኦምን፣ ኣብ ግዜ ናይቲ ምንቅስቃስ ብዙሕ ሸቂጠምሉ እዮም። ሕሉፍ ሓሊፎም፣ ንሓደ ሓደ ካብቶም ኣብቲ መርመራ ናይ ሰለይቲ ዚሳተፉ ዚነበሩ ኣንቀሳቀስቲ፣ **ስለምንታይ? ንሸኻሽ ትምርምርዶ ኣይነበርካን?** ይበሃልሉ ኣብ ዚነበረ ግዜ **ተኣዚዘ** ዚበሃል መልሲ ይወሃብ ነይሩ። ዘገርም ስልበጣ እዩ! እቲ ናይ ቕድም መርመራታት ይመርመር ዚብል ነጥቢ ግን ብመሰረቱ ካብ መሪሕነት ቀሪቡ ዚነበረ እዩ ምኽንያቱ ድማ ነቲ ዚበሃል ዚነበር ሓሶት ዚያዳ ንምርግጋጽ እዩ።

***8.ኣብ ከበሳ ብዙሕ ጌጋታትን ጉድለታትን ኣሎ።***
/ኣብቲ ናይ መሪሕነት መልሲ በሪሁ ኣሎ/

***9.ኣከታትባን ኣመጻጽኣን ሓደስቲ ጌጋታት ኣሎ።***
/እዚውን ዚኣክል መልሲ ተዋሂብዎ ኣሎ/

***10.ርክብ ምስ ህዝቢ ብጌጋ።***
/እዚውን ተመሊሱ።/

***11.ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ስራሕ ይወሃበን።***
/እዚ ብፍላይ ነተን ኣብቲ እዋንቲ ዚነበራ ደቂ ኣንስትዮ ዚትንክፍ መሰረት ዘይነበሮ ሓሶት እዩ። መጀመርያ ምስ ወጻ፣ ናይ መጀመሪያ ደቂ ኣንስትዮ ስለዚነበራ፣ ብኣድናቆት ተቀቢልወን ንምትብባዕን ዚግበር ዚነበረ ሓልዮት ደረት ኣይነበሮን። በቲ ዚነበረን ሕልሚታትን ናይ ኣተዓባብያን መበቆልን ሽግር ግን፣ ልዕሊ ሕጊ ንምዃን ሸብዳዕዳዕ ኢለን ዚተቀጽዓሉ፣ **ኣዋልድ ተቀጺዐን** ዚብሉ መኩዘይዘይቲን ንሳተንን ድኣ እዮም ግጉይ ኣረኣእያ ዚነበሮም እምበር ናይ ደቀኣንስትዮ ተራን ቦታን፣ ብዛዕባኡ ዚነበረን ዘሎን ኣረኣእያስ ሰውራዊ ቦታኡ ዚሓዝዘ እዩ። ***12.ናይ ኢድሪስ ሰይድ ምርፋት።***
/እዚ ኣድሓርሓሪ እዚ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ንምፍጣር ይፍትን ስለዚነበረ ተኸሲሱ ከምዚተረፈተ ፍሉጥ ነይሩ እዩ። ኣብቲ ኣኼባውን ተገሊጹ እዩ።

***13.ብዛዕባ ሕጋዊ ኣካል ከም ትምህርቲ ንተጋደልቲ ኪግለጽ።***

/እዚውን ኣይተዘከረን ምእንቲ ኪበሃልዩ፣ ብመሪሕነት ብሩህ መግለጺ ተዋሂብዎ እዩ።
ነቲ 13 ነጥቢታት ንምርግጋጽ ዘቕርብዎ ዚነበሩ **ምርኩስ** ነቲ ቅድም ዘቕረብዎ ነጥብታት
ዚማስሳሰል ኪኸውን እንከሎ መብዛሕትኡ ሓሶት፣ ገሊኡ ዚተጋነነ፣ ሓደ ሓደ ውድዓዊ ኩነታት
ዘየማልኣ ዚነበረ ጉድለታት፣ እቲ ቑምነገር ኣለዎ ዚበሃል ድማ፣ ካብቲ መሪሕነት ድሕሪ ምትሕንፋጽ
ኣውጺኣቶ ዚነበረት ናይ ስራሕ መደብ ዚነበረ ነጥቢታት እዩ። እቲ ኣብ 13 ዚጸሙቑዎ ነገር ትርጉመ-
ኣልቦነት ኣብ ቂድሚ ኩሉ ተኣኪቡ  ዚነበረ ምስ ተኸሸሐ፣ /ተጋግዮም
ዚነበሩ ብዙሓት ናብቲ ናይ ሓፋሽ መስመር ተመልሱ/ ዳሕራይ ብታሕተ ታሕቲ መሪሕነት ነቲ 13
ነጥብታት ተቀቢላቶ ዚብል ሓሶት ኣሎ፣ ኣብ እቲ ኣኼባ ግን መሪሕነት ነቲ ብስም 13 ነጥቢታት ዚቀረበ
ውዲት ሰጥያ እያ ዚኸሻሓቶ እምበር። ዚተቀበለቶ 13 ነጥቢታት ኣይነበረን።
ኣብቲ ኣኼባ እቲ ኣብ መደምደምታ ስምምዕ ዚተገብረሉ፣ ካልእ ተወከልቲ ተጋደልቲ ካብ ሓይልታትን
ክፍለስራሓትን ዚካፈልዎ ኣኼባ ተዓዲሙ **መሰል ተጋደልቲ እትሕሉን**
**ንመሪሕነት እትቆጻጸርን** ነቲ **ወረቓቅቲ እትምርምርን** ሓዳስ ኮሚተ ኪትምረጽ እዩ።
እዞም ተበለጽቲን ኣድሓርሓርትን ዘይፈተንዎ ነገር ኣነበረን። ኣብ ውሽጢ ህ.ሓ. ኣድሓርሓሪ
ምምቀቓላት ንምምጻእ፣ ኣውራጃዊ ስሚዔታት ንምዕማቑን፣ በዚ ስሚዒት እዚ ሓፋሽ ተጋደልቲ
ንምጉዝዛይን ፈቲኖም። ኣብ መንጎ ብሄራት ናይ ፍልልይ ስሚዒት ንምዕማቑን፣ በዚ ስምዒትዚ
ምርሕሓቕን ምጉዝዛይን ንምፍጣር ፈቲኖም፣ ኣብ መንጎተን ሰለስተምምሕዳራት ዚነበረ ፍልልይ
ንምግፋሕን፣ ዚተገብረ ስምረት ንምብትታንን ፈቲኖም። ኣብ መንጎ ዚተማህሩን ዘይተማህሩን
ጋግ ንምፍጣርን ንምግፋሑን ፈቲኖም። ሰውራዊ ዝምድናታት ተጋደልቲ ናይ ምጥርጣር ዝምባለታት
ብምዝራእ ኪበታትንዎ ፈቲኖም። ኣብ መንጎ ውልቀሰባት ዚነበረ ዘይምርድዳኣት
ኣጋፊሖም ዚዓበየ ምምቕቓል ከስዕቡ ፈቲኖም። ኣብ መንጎ መራሕቲ ተጋደልቲን ተራ ተጋደልትን ዚነበረ
ሰውራዊ ዝምድናን ሓድነትን ንምስባርን ምርሕሓቕን ንምፍጣርን ፈቲኖም።
ካብ ውድብ ህ.ሓ. ወጻኢ ምስ ዚኾነ ውድብ እናተራኸቡ ምርሕሓቕ ንምፍጣር ፈቲኖም። ንዓመት ዚኣክል
ንህ.ሓ. ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ነተ ታሪኻዊ ተልእኾን ፖለቲካውን ወተሃደራውን
እስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ዚነበሮ ናይ ቅድመ ግንባር ስራሓት ኣልሚሶም። ትእዛዛት ብምጥሓስን ቀይዲ
በቲኾም ሂል ብምባሎምን፣ ፋሉላዊ ሓሳባት ብምዝራእን፣ ቃሕ ከም ዚብሎም ብምጭፋርን ኩሉ
ዲሲፕላናዊ ስርዓታት ሰባቢሮም። ተጋደልቲ ብተዘዋወሪ መንገዲ ጸረ ስነ-ፍልጠትን ጸረ-ትምህርትን ንኪኾኑ
ደፋፊኦም። ብቕኑዕ መንገዲ ኪፍትሑ ዚግበኦም ግርጭታት
ተወንዚፎም ከምዚተርፉ ገይሮም። ንውድብ ህ.ሓ. እዚ ዘይብሃል ነውራም ጸርፍታትን ኣስማትን
ቀሊሞም።  ንንጹሃት ሰውራውያን ተጋደልቲ ንምጥቃዕን ንምክፋእን ሓፋሽ ተጋደልቲ ንምብትታንን
መሰረት ዘይብሉ ሓሶታትን ጸርፍታትን እናፈጠሩ ምንዛሕ ፈቲኖም። ሰውራውያን
ተጋደልቲ ጌጋታት ምእንቲ ኪፍጽሙ ብብዙሕ መንገዲታት ንምድፍፋእ ፈቲኖም። ሕሱር ኣድሓርሓሪ
ስልትታት ብምዝውታር ንብዙሓት ተጋደልቲ መሳርሒ ኪገብሩ ፈቲኖም።............
እዚን ካልእ ንብሕታዊ ረብሓኦም ይጠቅምዩ ዚብልዎ ማእለያ ዘይብሉ ኣድሓርሓሪ ፈተነታት
ፈቲኖም። ናይ ውድብና ንቅሓትን፣ ናይ ተጋደልቲ ተቀባልነትን ዘልሓጥ ከምዚብል፣ መሰረታዊ ዘይኮነ
ምጥርጣራትን ጽልኢን ከምዚተርፍ፣ ሓድነት ውድብና ከምዚጎዛዘ፣ ጸላእቲ ንምጥቃዕና
ዕድል ከምዚረኽቡ፣ ዚሃነጽናዮ ሰውራዊ መደበራትን ስራሓትን ከምዚፈራርስ፣ ንድሕሪት ተመሊስና
ከምብሓድሽ ኣብ ጻዕሪ ከምንኣቱ ብሰንኮም ዚጠፍኣ ንምምላስ፣ ብዋጋ ናይ ከነጥፍኦም ዘይግባእ
ማእለያ ዘይብሎም ጀጋኑ ብጾት ንኪኽፈል ኣገዲዶም እዮም።
ምስ ናይቲ ዚነበረ ብዝሒ ናይ ሓደስቲን ዓይነቶምን፣ ንተበለጽቲ ጥዑም ዚኾነ ኩነታት ናይቲ ውድብ
ብጠቅላላኡን ድሕሪ ምትሕንፋጽ፣ ኣብ መጀመሪያ ናይቲ ምንቅስቓስ ዲሲፕሊናዊ ስጉምቲ ምውሳድ
ዘይቅኑዕን ዘይከኣልን ኣብ ርእሲ ምንባሩ /ንብዙሓት ጎሊሑ ይርኣ ነበረ/
ኣንጻር እቶም መዕነውቲ ዚተወስደ ስጉምቲ ኣይነበረን። ናይቲ ዲሞክራሲያዊ ንሓፋሽ ዚውክል
ሕንጻጽ ዚነበረ ኣረኣእያ ድማ፣ ኣብ ርእሲ እቲ ንተበለጽቲ ዚጥዕም ኩነታትን፣  ሃንደበታዊ ምቅልቃል
ናይቲ መዕነዊ ምንቅስቓስን፣ ናይቲ ሰውራውን ዲሞክራሲያውን ሓፋሽ ከይተወደብካ
ምጽናሕን ምዝንጋዕን ጠንቂታት ከምዚኾነ ተንቲኑ፣ ዚኾነ ናይ ሃወኽ ስጉምቲ  ከይወሰድካ፣ ሓፋሽ
ምስ ነቕሐ ጥራይ ስጉምቲ ኪውሰድ ስለዚከኣል፣ እቶም ተበለጽቲ ብመጀመሪያ ኪቅልዑን ኪኽሸሑን
ኣለዎም ዚብል ኣረኣእያ ነበሮ። ዚኾነ ይኹን ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ድማ ኣይወሰደን።
ነቶም ዚተታለሉ ይትረፍ፣ ነቶም ዘንቀሳቅሱ ዚነበሩ ተበለጽቲውን ተራኺቡ ከረድእ ፈቲኑ እዩ።
ምስናይቲ ዘርእዮ ዚነበረ ዓቅሊ ግን፣  እቶም ኣዕነውቲ ልቦም ኣትሪሮም፣ ጸይቂ.....ፈሽል....ጸይቂ
ኣብ ዚብል ስነ-መጎቶም ስለዚቀጸሉ፣ ነቲ ሓይልታት ካብዚ ንላዕሊ ደስኪሉ ክስብ ዚደርቅ ትም
ኢልካ ምርኣዩ፣ ናይ ምዕናው ሓላፍነት ምስካምን ሰውራዊ ጉብእካ ምርሳዕን ስለዚኾነ፣ ኩላቶም
ናይ ምንቅስቓስ ዋና ተዋሳእቲ ከምዚእሰሩ ገይሩ ነቲ ዚነበረ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ዲሲፕሊናዊ
መደምታ ገበረሉ።

ብ30/6/74 ድማ፡ ***ሓንቲ ፈራዲት ኮሚተ ቀይማ*** ናይቶም ዚተኣሰሩ ናይቲ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ዋና መራሕቲ ፍርዲ ኪትህብ፡ ውሳኔኣ ምስ ሃበት ናብ መሪሕነት ከተቕርቦ፡ መሪሕነት ድማ ምስ ውሽጣዊን ወጻኢን ወድባዊ ኩነታት ኣሰማሚዓ ነቲ ፍርዲ ኣብ ግብሪ ተውዕሎ፡ ንተጋደልቲ ድማ ኪትገልጾ ተወሰነ። መሪሕነት ድማ ኣብ *11/8/75* ኣብ ዚገበረቶ ናይ ምሉኣት ኣባላት ኣኼባ ኣጽኒዓ ኣብ ግብሪ ከምዚውዕል ገበረቶ። እቲ ውሳነታት ኣብ ፍሉይ ጽሑፍ ወይ ብተጋዳላይ ኪግለጽ እዩ።

* * *